# ናይ እግዝእትነ ማርያም ሊጣንያ
# (ሊጣንያ ዘሎሬቶ) (ብትግርይና)

| | |
|---|---|
| ኪ.ርየ ለይሶን | |
| ክርስቴ ለይሶን | |
| ኪ.ርየ ለይሶን | |
| ኦ ክርስቶስ | ስምዓና |
| ኦ ክርስቶስ | ኣሥምረልና |
| ኦ ሰማያዊ ኣብ ኣምላኽ | መሓረና |
| ኦ መድኃኔ ዓለም ወልድ ኣምላኽ | መሓረና |
| ኦ መንፈስ ቅዱስ ኣምላኽ | መሓረና |
| ኦ ቅድስት ሥላሴ ሓደ ኣምላኽ | መሓረና |
| ኦ ቅድስት ማርያም | ለምንልና |
| ኦ ቅድስት ወላዲት ኣምላኽ | ለምንልና |
| ኦ ቅድስት ድንግል ደናግል | ለምንልና |
| ኦ ኣደ ክርስቶስ | ለምንልና |
| ኦ ኣደ መለኮታዊ ጸጋ | ለምንልና |
| ኦ ንጽሕቲ ኣደ | ለምንልና |
| ኦ ዕቅብቲ ኣደ | ለምንልና |
| ኣ ኣደ ቅድስና | ለምንልና |
| ኦ ኣደ ጽሙና | ለምንልና |
| ኦ ተፈታዊት ኣደ | ለምንልና |
| ኦ እተደንቕ ኣደ | ለምንልና |
| ኦ ኣደ ጽቡቅ ምኽሪ | ለምንልና |
| ኦ ኣደ ፈጣሪ | ለምንልና |
| ኦ ኣደ መድኃኒ | ለምንልና |
| ኣ ኣደ ቤተ ክርስቲያን | ለምንልና |
| ኦ ጥበበይና ድንግል | ለምንልና |
| ኦ ክብርቲ ድንግል | ለምንልና |
| ኦ ውድስቲ ድንግል | ለምንልና |
| ኦ ከኣሊት ድንግል | ለምንልና |
| ኦ ርኅርኅቲ ድንግል | ለምንልና |
| ኦ ተኣማኒት ድንግል | ለምንልና |
| ኦ መስቲያት ጽድቂ | ለምንልና |
| ኦ መዝገብ ጥበብ | ለምንልና |
| ኦ ምኽኒያት ሓጕስና | ለምንልና |
| ኦ መንፈሳዊት ጽዋዕ | ለምንልና |
| ኦ ክብሪ ዚግብኣ ጽዋዕ | ለምንልና |
| ኦ ርኅርኅቲ ጽዋዕ ብፅዕነት | ለምንልና |
| ኦ ምሥጢራዊት ጽጌረዳ | ለምንልና |
| ኦ ሕንፃ ዳዊት | ለምንልና |
| ኦ ሕንፃ ስልምቲ ዕንቍ | ለምንልና |
| ኦ መዝገብ ወርቂ | ለምንልና |
| ኦ ታቦት ኪ.ዳን | ለምንልና |
| ኦ ኣፍደገ ሰማይ | ለምንልና |
| ኦ ኮኾብ ጽባሕ | ለምንልና |

| | |
|---|---|
| ኦ ፈዋሲት ሕሙማን | ለምንልና |
| ኦ ውቅባ ኃጥኣን | ለምንልና |
| ኦ ውቅባ ኃጥኣን | ለምንልና |
| ኦ ኣባዲት ኅዙናት | ለምንልና |
| ኦ ረዳኢት ቤተ ክርስቲያን | ለምንልና |
| ኦ ንግሥቲ ኣበው | ለምንልና |
| ኦ ንግሥቲ ነቢያት | ለምንልና |
| ኦ ንግሥቲ ሓዋርያት | ለምንልና |
| ኦ ንግሥቲ ሰማዕታት | ለምንልና |
| ኦ ንግሥቲ ጻድቃን | ለምንልና |
| ኦ ንግሥቲ ደናግል | ለምንልና |
| ኦ ንግሥቲ ምእመናን | ለምንልና |
| ኦ ንግሥቲ ኵሎም ቅዱሳን | ለምንልና |
| ኦ ብዘይ ኃጢኣት ኣዳም እተጸነስኪ ንግሥቲ | ለምንልና |
| ኦ ንሰማይ ዝፈለሥኪ ንግሥቲ | ለምንልና |
| ኦ ናይ ኣዝዩ ቅዱስ መቍጸርያ ንግሥቲ | ለምንልና |
| ኦ ንግሥቲ ሰላም | ለምንልና |
| ኦ ጠበቓና ዝኾንኪ ንግሥቲ | ለምንልና |
| ኦ ኃጢኣት ዓለም እትድምስስ በጊዕ እግዚኣብሔር | ተዓረቐና |
| ኦ ኃጢኣት ዓለም እትድምስስ በጊዕ እግዚኣብሔር | ስምዓና |
| ኦ ኃጢኣት ዓለም እትድምስስ በጊዕ እግዚኣብሔር | መሓረና |

**<u>ካህን</u>፥-** ኦ ቅድስት ወላዲት ኣምላኽ ለምንልና፥
**<u>ሕዝብ</u>፥-** ነቲ ክርስቶስ ዘተሰፈወና ምእንቲ ኽንበቅዕ።

**<u>ንጸሊ</u>**

ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽና፥ ንኣና ንኣገልገልትኻ ናይ ነፍስን ናይ ሥጋን ጥዕና ሃበና፥ ብናይ ወትሩ ብፅዕትን ክብርትን ዝኾነት ድንግል ማርያም ልመና እውን፥ ካብ ናይ'ዚ ዓለም'ዚ መከራ ድኂንና ዘለዓለማዊ ፍሥሓ ከም እንረክብ ኽትገብረና ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንልምነካ ኣሎና።
**<u>ሕዝብ</u>፥** ኣሜን።